# ጅግና ተጋዳ. ገረዝጊሄር ውጩ እሳተ ጎመራ ሓላው ሃገር ዋሕስ'ዛ ባንዴራ!








ንጅግና ጀጋኑ መ. ጀነ. ገረዝጊሄር ሎሚ ክንነግረሉ፤
ሎሚ ከንዝክሮ ንቓያ ጽንዓቱ ንዘይጽንቀቕ ዓቕሉ፥
ብፍቕሪ ሃገር ተሳሒሉ ብ1971 ሰውራ ተጸንቢሩ፥
ጸኒዑ መኪቱ ንኹሎም መረርቲ ወራራት ተኻፊሉ፥
ንኣድሓርሓርቲ ተበለጽቲ 'ውን ንውልቅና ዝብሉ፥
እዚ ኹሉ ጌሩ ግን ዋላ ሓንቲ መዓልቲ'ኳ ንኣመሉ፤
ጌረ ኢሉ ኣይተነየተን ብዘይካ'ቲ ብጾቱ ዝነገሩሉ።
ገዲም ሓርበኛ ጅግና ጀጋኑ'ዩ ዘዝወፈሮ ዝሰልጠሉ፤

ከነልዕሎ'ወ ነቲ ሓርበኛ ጅግና ንተጋዳለይ ብሓላሉ፥
እምበር ንሱስ ገይረ'ኳ ኣይበለናን ስለዘይኮነ ኣመሉ።
ኣብ ኩሉ ግንባራት ተዋጊኡ ኣዋጊኡ መሪሑ ኣትኪሉ፤
ብብስለቱ ብቕዓቱ ወራራት ኣመሪካን ሶቬትን ኣፍሺሉ፥
ፍጹም ኣየናሕሰየሎምን በቲ ክምህ ዘይብል መትከሉ።
ክሳብ'ዛ ሎሚ ሃንደበት ቻው ዝብለና ካባና ተኸዊሉ፤
ደኺመ ኣይበለናን ኣይተሰምዐን ከማርር ኣስተማሲሉ፥
ምስጋና ይኹኖ ስለቲ ንሓዋሩ ዝነብር ሓቀኛ ምስሉ።

ሓርበኛ ተጋ. ውጩ ወዲ ኢታይ'ወ መዘና ዘይብሉ፤
እንታይ ከምዝተተምበየ በቲ ዘይክማህ መሪሕ ቃሉ፥
ዓጋቲ ሓይሊ ከምዘየሎ ንምግላጽ ብዓውታ ኪዕልሉ፤
ጽባሕ እንድ'ዩ ነይሩ ኣብ ርህውቲ ኤርትራ ዘዕርፈሉ፤
ጅግና ኣይነብርን ታሪኹ'ዩ ዝውረስ እንድ'ዩ ተባሂሉ፤
ኣነዉንዶ ዘፍረዮም ዋርሳያት ዕጽፍ ዝርግሕ ዝብሉ፥
እንተኸኢልናስ ንተርኮ ጅግንነቱ ከየትረፍና ንኹሉ።
ሓደራ'ወ ከይንግራህ ብስነ እእምሮ ኩናት ጐሓላሉ፤

ይዝከረና'ዶ ንናደው ሓመድ ድብ ከልብስ ዝተበገሰሉ፥
ጀጋኑ ብዘረብኡ ቀሲኖም ሞራሎም ጥርዚ ተሰቒሉ፥
ኣምላኽ ዘይፈቐዶ'ምበር ቀኍብ ዕድመ ኣሕጺሩሉ፤
ውጩ ግን ኣይሞተን ሓደራኹም ሞይቱ ኣይትበሉ፤
ሳላቲ ብግብሪ ዘርኣዮም ወታደራዊ ስልቲ መልሚሉ፤
ብጽንዓት መኪቶም ሃገር ይሕልዉ የልምዑ የትከሉ።
ግን ሓደራ ከኣ'ባ ንጽናዕ ኣብቲ መትከል ዝተቓለሰሉ፤
ከም ናይ ቀደምና ገጥ ንበል ሕልንኡ መታን ኪቐስነሉ።

ክሳብ'ዛ ዝሰዕቦም'ወ ነቶም ንሃገር ሂወቶም ዝኸፈሉ፤
ውጻእ መዓት ኰይኑ ግን ክሳብ ሎሚ ክጸንሕ ከኢሉ፤
ሰውራ ኣዐዊቱስ ነጻ ሉኣላዊት ኤርትራ ኳ'ዩ ተኺሉ።
ኣንበሳ ኣጻምእ ዓለም'ኳ ምተባህለ ምግናን ዘይብሉ።
ስለዚ ክብሩ ከይትንከፍ ሓደራ ዋጭዋጭ ኣይትበሉ፤
ምስቶም ዝናፈቕዎ ጀጋኑ ሰውኣት ብጾቱ ተጸምቢሩ።
ኣሸበሸብ ግን እንተኣዕለለኩም ናይዚ ግዜና ኣልዒሉ፤
ስኽፍ ከይብለኩም ህዝቢ ሰሚሩ'ዩ ብሓደ ገጥ ኢሉ፤
ኣሕሊፉ ንኸይህባ ንስሱዓት ከዳዓት ኣዛብእ ተኺሉ፤

መላእ ሰውነቱ'ዩ ተወጊኡ ብቐጻሊ ዕረፍቲ ዘይብሉ፤
በረኻ ደንከል ሰናጢቖ ንሸሾ ዓሳክር ደርጊ ሓማቲሉ፥
ሓሳዊት ዓለም ኰይና'ምበር ከምቲ ዝፈጸሞም ባዕሉ፥
ውጩ ግን ነዚ ኹሉ ሓንቲ መዓልቲ'ኳ ነይተጃሃረሉ።
ዘይሃስስ ዝኽሪ ገዲፉ'ዩ ጅግና ወዲ ኢታይ ተኸዊሉ።
ስዉኣትና'ውን ጅግና ይመጸኩም'ሎ ሃየ ጋሻ ተቐበሉ፤
ብዛዕባ'ዞም ሓተላ ከዳዓት ብስርዓት ወያኒ ዝምወሉ፤
ነዛ ሓላል መሬት ዝተረኽበት ሂወትኩም ተኸፊሉ፤
ሕድርኹም ከየዕብር ብስምኩም ምሒሉ'ዩ ጥሒሉ።

ቅሰነልና ውጩ እሳተ ጎመራ መምህር ጽንዓት ሰውራ፤ ሓላው ክብርቲ ኤርትራ ዋሕሳ ነዛ ክብርቲ ባንዴራ፤

ንስዉእ ጅግና ጀጋኑ ሓርበኛ ገዲም ተጋዳለይ መ. ጀነራል ገረዝጊሄር ዓ/ማርያም ውጩ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ!

ንኹሎም ቤተሰቡን መላእ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ጽንዓት ይሃቦም!
ሕፍርትን ብልጽግትን ኤርትራ ንዘልኣለም ትንበር ! ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ ! መትከል ኣስመሮም ሽወደን።